ኢጣልያ

# ንምንታይ እዩ ውልቃዊ መረዳእታይ ናብ ዩሮዳክ ዝመሓላለፍ?

ታይፕ ጂ (Type G)

**ተጠቀምቲ ግዝያዊ ሓለዋ**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ብሓንቲ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ (EU) ከም ተጠቃሚ ግዝያዊ ሓለዋ ተመዝጊብካ።

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኽዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ስለምንታይ እየ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ክህብ ዘለኒ?

ሃገርካ ገዲፍካ መጺእካ ሕጂ ድማ ኣብዛ ሃገር ተጠቃሚ ግዝያዊ ሓለዋ ኮይንካ ኣለኻ።

እዚ ዓይነት ናይ ሓለዋ ኩነታት ግዝያዊ እዩ። ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ እቲ ሓለዋ ክቕጽል ኣለዎ ድዩ የብሉን በብእዋኑ ክውስና እየን።

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ከመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽቦም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሑሉ ይኽእሉ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት ተዘርዚረን ኣለዋ።

**ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸኪያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቪያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫኪያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኸዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኸዘን፡

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ዕለተ ልደትካ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፡ እኹተልዩ፡ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘመልከትካላ ሃገር
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበሉ ዕለት።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም፡

- ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር
- እንተተዛዊርካ፡ እታ ዝተዛወርካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር
- መመልከቲኻ እንተተነጺጉን ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ናይ ምጽናሕ መሰል ዘይብልካ ኮይኑን።
- መመልከቲኻ ብመሰረት መስርሕ ዶብ ተራእዩ እንተተነጺጉ ወይ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ እንተተቐጺሩ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ዝኾነ ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝወሃበካ ቪዛ
- ካብ ዞባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝወጻእካሉ ዝኾነ እዋን ሓበሬታ
- ብወለንታኻ ናብ ዓድኻ ንክትምለስ ንዝቐረበልካ ዕድመ ተቐቢልካ'ዶ ኣይተቐበልካን ዝምልከት ሓበሬታ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ **'ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም'** ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካልእ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?

ሓንቲ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክትወስድ እንተተገዲዳ ወይ ብሰንኪ ባህርያትካ ንግዝያዊ ሓለዋ ብቑዕ ከምዘይኮንካ እንተቐጺራቶ፡ ነዚ ሓበሬታ ኣብ ዩሮዳክ ክምዝግቦ ኣለዎ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ከም ዝስዕብ ዓይነት ንዓኻ ዝምልከት ሓበሬታ እንተሃልዩ እዩ፡

- ኣዝዩ ከቢድ ገበን ከም ገበን ኲናት ወይ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ፈጺሙ ዝብል።
- ቅድሚ ናብ ኤውሮጳ ምምጽኡ ኣብ ካልእ ሃገር ከቢድ ገበን ፈጺሙ ዝብል
- ምስ መትከላት ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር ተግባር ፈጺሙ ዝብል።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኸዘን?



ሓበሬታኺ ግዝያዊ ናይ ሓለዋ ኩነታትካ ቅኑዕ ክሳብ ዝኾነ ክኽዘን እዩ። ናይ ሓለዋ ኩነታትካ እንተ ኣኺሉ፡ ዳታኻ ክስረዝ እዩ።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025